መኻን ኣይኮነትን ሃገርና ኤርትረያ
ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ተሰሪሑ ቅያ
ቪቫ ብደለይቲ ፍትሒ ክበርህዩ ጸሐያ;;

ኣብቲ ሰፈር ጀጋኑ እንባ ቃሐይቶ
ኣብ እግራ ትርከብ ከተማ ንእሽቶ
ሻንብቆ ወርቂ ታሪኽ ሐላይ ደጊማቶ;;

ሰሚዕኩም ዶ በዓል ኮንቶ መንቶ
ሕብሮም ዝለዋውጡ ክም ነፋሒቶ
ኣውሊዔይ መለይ እታ ትፍቶ
ንከተማ ዓዲ ቀይሕ ርግማ ሂባቶ;;




መለይ ሰሚዕኪ ዶ ወረ
ኣብ ኣስመራ ዝተጨደረ
ብጉጅለ ኣርዮስ ዝተዘወረ
ተደምረናል ከም ዝተዘመረ;;

መልሲ ንተደምረናል ንዝብል ኣዛራርባ
ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ ብዓጀባ
ኣይቃልናን ኢሎም ኤርትራዊያን እንዳባ
ሎሚ እንቢ ንውዲት ጽባሕ ብእምኒ ብዳርባ;;

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝጀመረ ኩዳ
ጭርናዕ ዓሳ ምስ ወዳ
ኣብ ኣስመራ ኣኹዲዳ;;

ኤርትራዊያን ዶ ኣምሐራ
ተደመር እንዳበልካ ጭደራ
ተጋሩ ዶ ደቂ ኤርትራ
ተዛረቢ እባ ኣስመራ;;

ተቃወምቲ ጥራይ ዘረባ
ከም ቀደማ ሩት ኋል ስግር ሩባ
ገዛና ኣትያቶ ብክንደይ ዓጀባ;;

መለይ ግና ከምቲ ኣመልኪ
እንብለይ ኣይድመርን ኢልኪ
ሻንበቆ ወርቂ ታሪኽ ቀደምኪ
ከምቲ ናይ ሐላይ ደጊምኪ
ኣብ ዓዲ ቀይሕ ኣንበልቢልኪ;;

ክልተ ጎራሐት ሐሙኹሽቲ ስንቆም
ኣቐዲሞም ምዝሙር ሰላም ሽም ሂቦም
ብኤርትራን ኢትዮጵያን ተዋዳዲቦም
ህዝቢ ኤርትራ ኣይትተሃመለሎም
ሕልሚ ቀደሞም ከይሰምረሎም;;




ስዉር ዕላማ ኣለዋሃ ምላሽ
መተካእታ ኣንድነት ብላሽ
ብሰላም ኣመኽኒኻ ህዝቢ ንምቕሻሽ
ሃገር ክሽጡ ቀይሕ ምንጻፍ ምፍራሽ;;

ጭፍራ ህግደፍ ሰብ ኣበር
ንስግር መረብ መን ክድመር
ዓዲ ጀጋኑ ሰብ ኣለዋ እዛ ሃገር
ኣብ ዘዘለናዮ ሰላም ንግበር እንበር
ሐሊምናዮ ኣይንፈልጥን ክንጽንበር;;

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡«፡*